# COVID-19 ክታበት ዉሑስን ውጽኢታውን ኢዩ

## እቲ ስነ ፍልጠት ንጹር እዩ፥ ናይ ክታበት ዝህቦ ረብሓታት ካብቲ ሓደጋታት ዝዛይድ ኢዩ



### ክክተብ ዝኽእል መን እዩ?

ክሎም 12ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት ናይ COVID-19 ክታበት ንምውሳድ ቅቡላት እዮም። ክሎም ክታበታት ብናጻ እዮም።

### ክታበት COVID-19 ዉጺኢታዊ ድዩ?

እወ! ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎ ሓበሬታ ከም ዘሕብሮ ክታበታት ፋይዘር፡ ሞደርና፡ ከምኡውን J&J ከቢድ ሕማም፡ ሆስፒታልን፡ ሞትን ካብ COVID-19 ንምክልኻል ኣዝዮም ውጽኢታዉያን እዮም። ናይቲ ክታበት ምሉእ ጥቕሚ ንምርካብ ክልቲኡ ዓቐን መድሃኒት ፋይዘር ወይ ሞደርና ምዉሳድ ኣድላዪ ኢዩ። እቶም ብመጠኑ ወይ ከቢድ ሕማም ስርዓት ምክልኻል ተዳኺሞም ዘለዎም ሰባት ሳልሳይ ዓቐን መድሃኒት ዜድልዮም እንተ ኹይኑ ንሓኪሞም ኬዘራርብዎ ኣለዎም። እቲ J&J ክታበት ሓደ ዓቐን ጥራይ ኢዩ ዘገድስ ።

### ከም ደልታ ዝኣመሰለ ቫይረሳዊ ምልዉዋጥ ወላ እንተሃለወ ክኽተብ ዶ?

እወ! ፋይዘር፡ ሞደርና፡ ከምኡውን J&J ክታበታት ኣንጻር እቲ ደልታ ቫይረስ ዉጺኢታዉያን እዮም ፡ ከቢድ ሕማም፡ ሆስፒታልን፡ ሞትን ካብ COVID-19 ድማ ይከላኸሉ። ክታበት እውን ነቲ ተወሰኽቲ ቫይረሳት ንኺምዕብል ዘለዎም ኣጋጣሚ ይድርቶ እዩ።

### ክታበት COVID-19 ዉሑስ ድዩ?

እወ! ምምሕዳር ምግብን ሓሸሽን (FDA) ነቶም ኣብ 16ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት ክታበት ፋይዘር ምሉእ ብምሉእ ፈቒድሎም እዩ in ኦገስት 2021። ፋይዘር ካብ 12 ኽሳዕ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት እውን ክትጥቀመሉ ተፈቒዱሉ ኢዩ። ክታበት J&J ከምኡውን ሞደርና ካብ FDA ኣብ ህጹጽ ግዜን (EUA) 18 ዝዕድሚኦምን ልዕሊኡን ክጥቐምሉ ፍቓድ ሂቡ ኣሎ። እዚ ፍቓድ እዚ ውጽኢት ናይ ዓቢ ክሊኒካዊ ፈተናታት እተፈላለዩ ተሳተፍቲ ዝጠቓልል ኢዩ።

### ከመይ ኢሉ እዚ ክታበት ቐልጢፉ ክስራሕ ኪኢሉ?

እቲ ቫይረስ ንCOVID-19 ከምጽ ዝኽእል (SARS-CoV-2) ዝተረኽበሉ ኣብ ዲሰምበር 2019 ይኹንእምበር፡ ኣብ መላእ ዓለም ዚርከቡ ተመራመርቲ ስነ ፍልጠት ካብ 2006 ኣትሒዞም ምስኡ ንዚዛመድ ቫይረስ ዚኸውን ክታበት ኪሰርሑ ጸኒሖም እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ምዕባለ ክታበት ኮሮናቫይስ ርአ።

### ካብ ክታበት COVID-19 መጺ ዝኽእሉ ሳዕቤን እንታይ እዮም?

ገሊኦም ሰባት ከም ግዝያዊ ቓንዛ ወይ ሕብጥታት ኣብ እታ ክታበት ዝተወግኡላ ኢድ ረስኒ፡ ቍሪ ቁሪ፡ድኻም፡ ከምኡ ዉን/ ወይ ሕማም ርእሲ ተሰሚዕዎም እዮ። እዚ ሳዕቤናት እዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን ክታበት ንቡር ኢዩ ከምኡ ዉን ኣካላትና ካብ COVID-19 ንምክልኻል ዋህዮታት ክሃንጽ ትጽቢት ይግበረሉ።

### ድሕሪ ናይ COVID-19 ክታበት ከቢድ ሕማቕ ሳዕቤናት ሳሕቲ ኢዩ ዘጋጥም።

FDA ረብሓታት ናይዚ ክታበት ጥቕምታት ካብቲ ዘይምኽታብካ ዘምጽኦ ሓደጋ ከም ዝዛይድ ወሲኑ ኣሎ። እቲ ማእከል ቍጽጽርን ምክልኻልን ሕማም (CDC)፡ ናይ ኣመሪካ ልቢ፡ ከምኡውን ናይ ኣመሪካ ኣካዳሚ ሕጻናት ከምኡዉን ማሕበር ዘዉጻኣቶ ዝኾነ ይኹን 12ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ክኽተቡ ኣለዎም ዝብል ሓሳብ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብታ ብዛዕባ ክታበት COVID-19 ክትፈልጦም እትኽእል (CDC) ርአ።

### ድሕሪ ክታበት ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ምልክታት እንተ ኣልዩካ ቅልጡፍ ሕክምናዊ ሓገዝ ኣናዲ፡

ሓልሓሊፉ ዝፍጠር ግን ድማ ኣዝዩ ኣስጋኢ ዝኾነ ናይ ደም ምርጋእ፣ ትሮምቦሲስ ምስ ትሮምቦሳይቶፒንያ ሲንድረም (TTS)፣ J&J ክታበት ኣብ ዝወሰዱ ዝተወሰኑ ሰባት ተፈጢሩ። ዝወሰኸ ሳዕቤን TTS ብ ፋይዘር ወይ ሞደርና ዝበሃል ክታበት ኣይተራእየን። ምልክታት ሕጽረት ምስትንፋስ ፣ ቓንዛ ኣፍ ልቢ፣ ሕበጥ እግሪ፣ ዘየቋርጽ ቓንዛ ከብዲ፡ ከቢድ ሕማም ርእሲ፡ ወይ ናይ ምርኣይ ጸገም፣ ካብቲ መርፍእ ዚውግኣሉ ቦታ ወጻኢ ብቐሊሉ ዚጭፍለቕ ወይ ኣብ ትሕቲ ቈርበት ዚርከብ ንኣሽቱ ነቑጣታት ደም የጠቓልል።

ክትበት J&J ዝወሰዱ ሳሕቲ ኣጋጣሚታት ናይ ጉልያን-ባርየ ሲንድሮም (GBS) ኣብ ዉሑዳት ሰባት ተርእዩ እዩ። GBS ሳሕቲ ዝርአ ናይ መትኒ ስርዓት ሕማም ናይ ጭዋዳ ድኽመት፡ ወይ ኣዝዩ ኸቢድ ኣብ ዝኾነሉ ድማ መልመስቲ የስዕብ ኢዩ። ምልክታት መብዝሓቱኡ ግዜ ብ 1ይ-2ይ ሰሙናት ድሕሪ ክታበት ግን ክኣ ትሕቲኡ እዉን ከጋጥም ይኽእል እዩ። ምልክታት ሕማም ድኻም ወይ ናይ ስኽፍክፍ ስሚዒታት ኬጠቓልል ይኽእል እዩ፣ ብፍላይ ኣብ ኣእጋር ወይ ኣእዳው፡ እናገደደን ናብ ካልእ ክፍሊ ኣካላትና ኺዝርጋሕን ይኽእል እዩ።

ካብ እቶም ልዕሊ 150 ሚልዮን ዝኸኡ ሰባት ብmRNA ምሉእ ብምሉእ (ፋይዘር ወይ ሞደርና) ተኸቲቦም ኢዮም ካብ መወዳእታ ጁላይ፡ CDC 700 ሕሙማት ማዮካርዲያትስ

(ነድሪ ጭዋዳ ልቢ) ከምኡውን ፐሪካርዲያተስ (ኣብ ዙርያ ልቢ ዘሎ ነድሪ) ኣረጋጊጸም ኢዮም።(ነድሪ ጭዋዳ ልቢ) ከምኡውን ፐሪካርዲያተስ (ኣብ ዙርያ ልቢ ዘሎ ነድሪ) ኣረጋጊጸም ኢዮም። እዞም ጉዳያት ዝበዝሐ ኣብ ደቂ ተባዕትዮን መንእሰያትን፡ 16 ዕድመን ልዕሊኡን፡ ካልኣይ ዓቐን ክታበት ካብ ዝረኸቡ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልትታት ኢዩ ነይሩ። ገለ ኻብቲ ምልክታት ቓንዛ ኣፍልቢ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፣ ወይ ቅልጡፍ ህርመት ልቢ ስሚዒት፡ ቕልጡፍ ህርመት ወይ ድጕድግታ ልቢ የጠቓልል። መብዛሕትኦም እቶም ክንክን እተገብረሎም ሰባት ንሕክምናን ዕረፍን ጽቡቕ ምላሽ ሂቦም፡ ከምኡዉን ቀልጢፎም ጽቡቕ ተሰሚዕወም።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ማዮካርዲያትስን ፐሪካርዲያትስን ን mRNA ክታበት COVID-19(CDC) ስዒባ ዘላ ተመልከት።

# ክታበት COVID-19 ዉሑስን ዉጺኢታዉን እዩ

**እቲ ስነ ፍልጠት ንጹር እዩ፥ ናይ ክታበት ዝህቦ ረብሓታት ካብቲ ሓደጋታት ዝዛይድ ኢዩ**



## ክታበት COVID-19 ንነብሰ ጾራትን ከምኡዉን/ወይ ዘጥብዋ ዘለዋ ዉሑስ ድዩ?

እወ! ክታበት COVID-19 ንነብሰ ጾራት ከምኡዉን/ወይ ጡብ ዘጥብዋ፡ ክጠንሳ ዝጽዕራ ዘለዋ፡ ወይ ኣብ መጻኢ ንዝጠንሳ ሰባት ካብ ከቢድ ሕማም ንኽከላኸለሉም ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ። ብምኽንያት እቲ ኣብ ኣካላት ካብ ጥንሲ፡ ነፍሰ ጾርን ከምኡዉን ኣብዚ ቐረባ ግዜ ነፍሰ-ጾር ዝኾና ምስቶም ነፍሰ-ጾር ዘይኰና ሰባት ክወዳደራ ኸለዋ ብCOVID-19 ከቢድ ሕማም ናይ ምጥቃዕ ልዑል ኣጋጣሚ ኣለዎም።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ በጃኻ COVID-19 ክታበት ኣብ ግዜ ጥንሲ ወይ ጡብ ምጥዋብ (CDC) ርአ።

## ተወሳኺ ዓቐን ክታበት COVID-19 መን እዩ ዘድልዮ?

CDC ብመጠኑ ክሳብ ከቢድ ትሑት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ተወሳኺ (3ይ) ዓቐን ናይ mRNA ክታበት ክወስዱ ኣለዎም። እዚ ነቶም ከምዚ ዝስዕብ ዘለዎም ሰባት እዉን የጠቓልል፡

- ንጥረታት ወይ መንሽሮ ደም ንጡፍ ሕክምና ናይ መንሽሮ ዝወስዱ
- ምትካእ ኣካል ከምኡዉን መድሃኒት ንምክልኻል ዓቕሚ ሰዉነት ዘነኪ ምስ እንወስድ
- ሱር ዋህዮ ኣብ ዝሓለፈ 2 ዓመት ምትካል ምስ ዝገበር ወይ ንምክልኻል ዓቕሚ ሰዉነት ዘነኪ መድሃኒት ምስ እንወስድ
- መጠነኛ ወይ ከቢድ ቀንዲ ስርዓት ምክልኻል ሕማም (ከም ዲጆርጅ ሲንድሮም፡ ዊስኮት-ኣልድሪኽ ሲንድሮም)
- ምዕቡል ወይ ሕክምና ዘይተገብረሉ ናይ HIV ሕማም
- ልዑል መጠን ኮርቲኮስትሮይድ ዘለዎ ንጡፍ ሕክምና ወይ ን ስርዓት ምክልኻል ሕማም ዘድክም መድሃኒት ምዉሳድ

ሰባት ተወሳኺ ዓቐን መድሃኒት ምርካብ ግቡእ እንተ ኰይኑ ወይ እንተ ዘይኰይኑ ንኣላዪ ኽንክን ጥዕናኦም ኬዘራርብዎ ኣለዎም። እቶም ክልተ ዓቐን ፋይዘር ወይ ሞደርና እተቐበሉ ጥራይ እዮም ሳልሳይ ዓቐን መድሃኒት ኪወስዱ ዚኽእሉ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ ተወሳኺ ዓቐን ክታበት ን J&J ኣይተፈቐደን ዘሎ።

## ናይ COVID-19 መበራትዒ ንምርካብ ብቑዕ ዝኾነ መን ኢዩ?

CDC ከም ዝበሎ፣ እዞም ዝስዕቡ ናይ ፋይዘር ክታበት ዝወሰዱ ጉጅለ ሰባት እንተንኢሱ ቅድሚ 6 ኣዋርሕ መበረታትዒ መርፍእ ክቅበል **ኣለዎ**:

65 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ዉልቀ-ሰባት፣

- ነበርቲ ኣብ ነዊሕ ግዜ ክንክን ዚግበረሉ ኸባቢ ዚነብሩ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዕድመ ዘለዉ፣
- ሕዱር ሕማም ዘለዎም ዉልቕ-ሰባት 50-64 ዕድመ ዘለዎም

ካልኦት መበረታትዒ መርፍእ ክውግኡ **ዝኽእሉ** ሰባት ብመሰረት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰባት ስግኣተ ሓደጋን ጥቕሚን ዝስዕቡ እዮም:

- ሕዱር ሕማም ዘለዎም ዉልቕ-ሰባት 18-49 ዕድመ ዘለዎም
- ደቂ 18-64 ዓመት ዝኾኑ ሰባት ብምኽንያት እቲ ዚነብሩሉ ወይ ዚሰርሑሉ ቦታ ንCOVID-19 ዝያዳ ክጥቕዑ ዝኽእሉ

ርግጸኛ እንተ ዘይኜንካ ብዛዕባ ኣገዳስነት አበራቲዒ ምስ ኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ። ንስኻ ኣብ ሓንቲ ኻብተን ኣብ ላዕሊ እተጠቕሳ ጉጅለታት እንተ ኜንካ ካብ ኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ መዘኻኸሪ ወይ “ምስክር” ኣየድልየካን እዩ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መን መበራቲዒ ከም ዝወስድ፡ ብኽብረትካ መን እዩ ብዝቑዕ ንመበራትዒ COVID-19 ንምዉሳድ ተመልከት? (CDC)

## ሰባት ሞደርና ወይ J&J ክታበት COVID-19 ዝወሰዱ መበራትዒ ክወስዱ ይኽእሉ ዶ?

እቲ FDA መበረታትዒ መርፍኣት ፈቓድ **ኣይሃበን** ነቶም ሞደርና ወይ J & J ክታበታት ዝወሰዱ ሰባት ኣብ ዝመጹ ዘለዉ ዝተወሰኑ ኣዋርሕ ነቶም ዳታታት ክግምግምዎም እዮም።

## ክታበት COVID-19 ኣበይ እየ ክረክብ ዝኽእል?

ናይ ነጻ ክታበት COVID-19 ምስ እትደሊ ብዙሓት ቦታታ ኣለዉ። ዋላ ሓደ ኻብቲ ኣብ ኣውራጃ ኣላመዳ ዚርከብ ናይ ማሕበረሰብ ናይ ክታበት ክሊኒካታት መንነት፡ መድሕን፡ ወይ ቈጸራ ኣየድልን እዩ።

ዝርዝር እቲ ኣብ ጥቓኻ ዚርከብ ክታበት ዚርከበሉ ቦታታት እንተ ደሊኻ ኣብ፡ ኣላመዳ ካውንቲ ክታበት ህላዉነት ርአ ወይ ከኣ ናብ https://linktr.ee/AlamedaCountyOHE ርአ።

ብናጻ ቈጸራ ናይ ክታበት እንተ ደሊኻ፡ 510-208-4VAX (510-208-4829) ደዉል።